# ኣብ ክሊ ዕድመ 12 ክሳብ 15 ንዝርከቡ ሰባት 2ይ መርፍእ ክታበት ከይተወግኡ ክጸንሑ ኢዮም።

ካብ መጀመርታ ወርሒ መስከረም ኣብ ክሊ ዕድመ 12 ክሳብ 15 ዝርከቡ ሓንቲ መርፍእ ክታበት ክውግኡ ዕድል ክወሃቦም ጸኒሑ ኣሎ። ትካል ህዝባዊ ጥዕና 2ይ መርፍእ ክውግኡ ዝኽእሉ እንተኰይኖም ብዝብል ገምጋማት ከካይዱ ጸኒሖም ኣሎዉ፡ እንተዀነ ግና ተወሳኺ ኣፍልጦ ክሳብ ንድልብ እንተተጸበና ዝሓሸ'ዩ ዝብል ምሕጽንታ ኣሕሊፎም ኣለው። ኣብ መጀመርታ 2022 ትካል ህዝባዊ ጥዕና ሓድሽ ገምጋም ከካይዱሉ'ዮም።

ኣብዚ እዋን እዚ ካብ 2006 ክሳብ 2009 ዘሎ እዋን ዝተወልዱ መንእሰያት ካልኣይ መርፍእ ክታበት ክንህቦም ዘኽእለና ምኽንያት የለን ዝብል ገምጋም እዮም ኣካይዶም ዘለዉ ትካል ህዝባዊ ጥዕና። እዞም መንእሰያት ከቢድ ሕማም ክሕዞም ዘሎ ተኽእሎ ትሑት ብምኧኑ ድማ እዩ። ሓንቲ መርፍእ ምስ ተወግኡ ካብ ከቢድ ሕማም ንክከላኸለሎም ዘሎ ተኽእሎ ክሳብ 85 ሚእታዊት ዝበጽሕ ብምኧኑን እቲ ዘሕድረሎም ብዩንነት ከኣ ብዝለዓለ ተኽእሎ ብውሑዱ 16 ሳምንታት ዝጸንሕ ብምኧኑን እዩ። ካብ 2006 ክሳብ 2009 ዝተወልዱ መንእሰያት ምስ ካብኦም ዕብይ ዝብሉ መንእሰያት ከነጻጽሮም ከለና ተርእዮታት ኮቪድ-19 ዝተሓተ ብምኧኑ ምስፍሕፋሕ ለብዒ ንምግታእ ኢልና ክልተ መራፍእ ክታበት ክንህቦም ዘኽእለና ምኽንያት ዕብር ዝበለ እዩ።

ካልኣይ መርፍእ ክታበት ውን periን myokardittን ከኸትል ዘሎ ተኽእሎ የዛይድ'ዩ (ነድሪ ቀጸላ ልብን ጭዋዳታት ልብን)፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ንእስ ዝበሉ ደቂተባዕትዮ መንእሰያትን ኣወዳትን እዩ ዝርአ ዘሎ። ኣብ ዝመጽእ እዋን ኣስጋእነት ናይዚ ክሳብ ክንደይ ምኧኑ መጽናዕታት ሃገራት ኖርዲክ ዝያዳ ዕምቆት ዘለዎ ሓበሬታ ክህበና እዩ።

ኣብ መጀመርታ 2022 ትካል ህዝባዊ ጥዕና ኣብ ዝተሓደሰ ፍልጠት ብምሙርኳስ ብዛዕባ ከበድቲ ጕር- ሳዕቤናት፡ ምዕባለ ሕማምን ውህሉል ኩነታትን ሓደስቲ ገምጋማት ኣካዪዱ ኣብዚ ክሊ ዕድመ እዚ ንዝርከቡ ካልኣይ መርፍእ ክውግኡ ዝሓሸ እንተደኣ ኮይኑ ምሕጽንታኡ ክሕልፍ እዩ።  70 ሚእታዊት ካብቶም ኣብ ክሊ ዕድመ 12 ክሳብ 15 ንዝርከቡ ሓንቲ መርፍእ ክታበት ተወጊኦም ኣሎዉ። ኣብ ክሊ ዕድመ12 ክሳብ 15 ዝርከቡ ሰባት ብዝሖም ኣስታት 260 000 ሰባት ወይ ካብ ህዝብና 4.8 ሚእታዊት ዝብዝሖም እዮም። ሰለስተ ዓመተ ትውልዲታት  ተማሃሮ ማእከላይ ደረጃ (2008፡ 2007ን 2006ን) ዘጠቓለለ ኰይኑ ሓደ ዓመተትውልዲ ድማ ተማሃሮ መባእታ ቤት ትምህርቲ (2009) ኢዮም።